# ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኣውስትራልያ
# ኤርትራዊ ደም ደጊሙ ክፈስስ የብሉን

**12/04/05**

( Press release on Tuesday 12 April 2005)

ኣብ ኣውስትራልያ፣ ኣብ ኲንስላንድ እንርከብ ግዱሳት ኤርትራውያን፣ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝርአ ዘሎ ናይ ውግእ ምትፍናን ስለ ዘተሓሳሰብና ደው ኣብ ምባሉ እጃምና ክንጻወት፣ ብስም ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንሰላምን ፍትሕን ተወዲብና ሎሚ ዕለት 12/4/05 ሰላማዊ ሰልፊ ንገብር ኣለና። እዚ ንገብሮ ዘለና ሰላማዊ ሰልፊ፣ ንመንግስቲ ኣውስትራልያ፣ ንሕቡራት መንግስታትን ንሕብረተሰብ ዓለምን ግዜ ከይተዓዘረ ውግእ ከይተላዕለ ብዝቐልጠፈ ነቲ ዘንጸላሉ ዘሎ ኩነታት ውግእ ደው ዘብል ስጉምቲ ክወስዱ ዝጽውዕ እዩ። ህዝብታት ክልቲኡ ሃገራት ብድርቕን ጥምየትን ኣብ ዝሳቐይሉ ዘለው ዝኸፍአ ኩነታት ንስቕያቶም ዘጋድድ ውግእ ብዝኾነ መመኽነይታ ክውላዕ ደገፍቲ ኣይኮናን።

እዞም ብኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንሰላምን ፍትሕን ኣብ ኲንስላንድ ተጠርኒፍና ዘለና ኤርትራውያን፣ ጉዳይ ዶብ በቲ ውሳቴታት ኮምሽን ዶብ መሰረት ኣብ ተግባር ክውዕል ኣለዎ ዝብል ጽኑዕ እምነት ዘለና ኢና፣ ዶብ ኣብ ምሕንጻጽ ዝግበር ኣዳናጓዩ ሜላታት ከኣ ብፍጹም ነጸግቲ ኢና። ይኹን እምበር ነዚ ኩነታት እዚ ኣመኽኒኻ ንውግእ ገጽካ ምምራሕ ውን ፍጹም ኣይንድግፍን። ብሕጂ ኣሽሓት ይትረፍ ሓደ ኤርትራዊ ውን ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ውግእ ህይወቲ ክስእን የብሉን ንብል። እቲ ኣሽሓት መንእሰያት ድሕሪ ምጥፋእ ዝግበር ሰላማዊ መስርሕ፣ ሕጂ ሓደ ሰብ ውን ይኹን ከይጠፍአ ክግበር ይግብኦ ንብል። ኩሉ ናብ ሰላም ዘብጽሕ ዕድላት ክንጥቀመሉ ከምዘለና ንርኢ፣ "ሕቶ ዶብ ብሰላማዊ መንገዲ እምበር ብውግእ ክዓርፍ ኣይክእልን እዩ" ዝብል መትከል ከኣ፣ ዘዕግበና መትከል እዩ።

እቲ እንገብሮ ዘለና ሰላማዊ ሰልፊ ኩሉ ፈታው ሰላም ተጸንቢሩዎ ዘሎ ኮይኑ፣ እቶም ኣብ ካልእ ቦታት ኣውስትራልያ ዝርከቡ ጉዱሳት ኤርትራውያን ኣሕዋት ዝደገፍዎን ዘተባብዕዎን ምኻኑ ከኣ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ኣይንደልን።

" ማሕበረሰብ ዓለም፣ ሕብራት መንግስታት፣ ንሃዋህው ውግእ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ደው ንምባል ብዝቐልጠፈ ስጉምቲ ክወስድ ንጽውዕ ኣለና"

" ውግእ ቀለቡ ሰብ እዩ"

" ኣምቢ ንውግእ"

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንሰላምን ፍትሕን ኣብ ኲንስላንድ፣ ኣውስትራልያ